ብኩራት ኣብ ቤት ትምህርቲ - ሓበሬታ ንወለዲ April 2021

ቜልዑ ንቤት ትምህርቲ ብቐጻሊ ብዘይ ብኩራት ምምጻእ ኣገዳሲ ኾይኑ፣ መሰረት ጽቡቕ ትምህርታዊ ህይወትን ምዕባሌን እዩ።

ንብኩራት ተመሃሮ ዝምልከት፣ ገደብ ብኩራት ክንደይ ምኳኑን መን ብሓላፍነት ከም ዝሕተትን ብወግዒ ግሉጽ እዩ።

ወለዲ፣ ውሉዶም ንቤት ትምህርቲ ክመጽእ ዘይክእል ምስ ዝኸውን፣ ናይ ምሕባር ሓላፍነት ኣለዎም። ከምኡውን ቤት ትምህርቲ ተመሃራይ ምስ ዘይመጽእ ክምዝግብን ንወለዲ ክሕብርን ሓልፍነቱ እዩ።

ሓደ ተመሃራይ ኣብ ርብዒ ዓመት (ሰለስተ ወርሒ)፣ 10% ብዘይብቑዕ ምኽንያት እንተደኣ ኣብኹሩ፣ ቤት ትምህርቲ ናይ መጠንቀቕታ ደብዳበ ይሰድድ።




ሓደ ተመሃራይ ኣብ ርብዒ ዓመት (ሰለስተ ወርሒ)፣ 15% ብዘይብቑዕ ምኽን ያት እንተደኣ ኣብኹሩ፣ ቤት ትምህርቲ ንወለዲ/ሞግዚት ይሕብር፤ ተወሳኺ ንምምሕዳር ስድራቤት ጸብጻብ የመሓላልፍ።

ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ብኩራት ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ መርበብ ሓበሬታ ተዓዘብ።

## MU|**Elev|FRAVÆR** – ኣገባብ ጸብጻብ ብኩራት ምትሕልላፍ

ካብ ሰሉስ ዕለት 6 ሚያዝያ 2021 ኩሉ ጸብጻብ ብኩራት፣ ብ **MU|Elev|FRAVÆR** ዝተባህለ ኣገባብ ይመሓላለፍ።.




**MU|Elev|FRAVÆR** ኣብ ቀዳማይ ገጽ ናይ ኣውላ ብወገን የማን ትርከብ። ኣብዚኣ ጠውቕ:

ብዛዕባ ኣገባብ ምትሕልላፍ ጸብጻብ ብኩራት ኣብዛ ቪደዮ ተዓዘብ:

ብሞባይል ተለፎንካ ብወገን የማን ዘላ ኮድ ስካን ጌርካ፣ እታ ቪደዮ ረአ፣

ብሕማም ምኽን ያት ወይ ናብ ሓኪም ስኒ ንክትከይድ ነጻ ክትከውን እንተደሊኻ፣ ሓበሬታ ክትህብ ትኽእል።

ተመሃራይ ቤት ትምህርቲ እንተዘይ መጺኡ፣ ወለዲውን ብዛዕባ ብኩራት ውሉዶም ሓበሬታ እንተዘይሂቦም ፣ ዘይብቑዕ ብኩራት ተባሂሉ ይምዝገብ።

ወለዲ/ሞግዚት ከኣ ብዛዕባ ብኩራት ውሉዶም መዘኻኸሪ መልእኽቲ ብSMS ይመጾም።

ብመሰረት ኣዋጅ ከኣ፥ ቤት ትምህርቲ ንብኩራት ዝምልከት፥ ንወለዲ ናይ ምሕባር ሓልፍነት ኣለዎ። ነዚ ንምትግባር ከኣ ቤት ትምህርቲ SMS ኣብ **MU|Elev|FRAVÆR** ይጥቀም። ኣብኡ ኣቲኻ ናይቲ ቈልዓ ብኩራት ንምክትታል ውን ይከኣል።

እዚ **MU|Elev|FRAVÆR** ግን ነቲ ኣብ መንጎ ወለድን ቤት ትምህርትን ዘሎ ህሉው ርኽክብ ዝትክእ ዘይኮነ፥ ነቲ ሕጋዊ ምምዝጋብ ብኩራት ብግቡእ ንኽካየድ ዝድግፍ እዩ።

ምምዝጋብ ብኩራት ዝምልከት ሕቶታት እንተደኣ ሃልዩኩም፥ ኩሉ ግዜ ንዓና ክትራኸቡና ትኽእሉ።